region västerbotten

# **ቈልዓ ምስ ሓመመ - ሓበሬታ ንወለዲ**

## När barnet är sjukt – föräldrainformation

ቈልዑ ብዙሕ ሳዕ ይሓሙ'ዮም። ኣብ ውሽጢ 0- 4 ዓመት ዕድመ ዘርከቡ ቈልዑ: ኣብ ዓመት ብግምት ካብ 6-8 ሳዕ ሕማማት ረኽሲ ሻምብቆ ኣየር ይሓሙ። እዞም ሕማማት ረኽሲ ቈልዑ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ኪምዕብል ይሕግዙ። ኣብ ጒጅለ ዕሸላት ዚኽሰት ምልባዕ ሕማማት ረኽሲ: ምሉእ ብምሉእ ምውጋድ ኣይከኣልን'ዩ፤ ምድራቱ ግን ይከኣል'ዩ። ከም ወላዲ መጠን: ኣብ መንፈቕ ሓያለ ሳዕ ካብ ስራሕ በኹርካ ምስ ዝሓመመ ውላድካ ኣብ ገዛ ኮፍ ክትብልን፤ መታን እቲ ሕማም ረኽሲ ናብ ካልኦት ቈልዑ ከይላባዕ ክሳዕ ዚሓዊ ኣብ ገዛ ክትጸንሕን ኹሉሳዕ ቅሩብ ምዃን ግድን የድሊ።

ሓፈሻዊ ኲነት ዝሓመመ ቈልዓ: ማለት ኣብ ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ ህጻናት ናይ ምስታፍ ዓቕሙ: ንቤት ትምህርቲ ዚኸይድን ዘይከይድን ወሳኒ'ዩ። ከም ወለዲ መጠን: እቲ ቈልዓ ማዕረ ክንደይ ብሕማም ከም ዝተጸልወ ኣብ ገዛ ምናልባት ኣየስተብህሉሉን ይኾኑ፤ ኣብ ቤት ትምህርቲ ህጻናት ንጥፈታት ኣብ ዚካየደሉ ወቕቲ ግን: እቲ ቈልዓ ከምቲ ልሙድ ሸውሃት ዘሎዎን ዘይብሉን እቶም ሰራሕተኛታት የስተብህሉሉ'ዮም። እቲ ቈልዓ ድኻም እንተሎዎ: ዘይበልዕ/ዘይድቅስ እንተ ኾይኑ: ዘየትኩር ወይ ብኻልእ ኣገባብ ሸውሃት ከም ዘይብሉ እንተ ኣርእዩ: ወለዱ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፎም መጺኦም ንገዛ ኪወስድዎ ኣገዳሲ'ዩ። ሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናት: ቈልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ከም ዚሰርሑ ናይ ምፍላጥ ልምዲ ስለ ዘሎዎም: ኣብ ሓፈሻዊ ኲነታት ቈልዓ ጥርጥር እንተሎ: እቲ ናይ ሰራሕተኛታት ገምጋም'ዩ እቲ ወሳኒ።
ወለዲ ውላዶም ቤት ትምህርቲ ኪኸይድ ከም ዘለዎን ከም ዘይብሉን ርግጸኛታት እንተ ዘይኮይኖም: ናብቲ ቤት ትምህርቲ ደዊሎም ኪሓቱ ይኽእሉ'ዮም። ሕክምናዊ ምኽሪ እንተ ተደልዩ ናብ ማእከል ኣገልግሎት ጥዕና ወይ ናብ ቊጽሪ 1177 ምድዋል ይከኣል።

**ቈልዓ ካብ መዋእለ ህጻናት በኹሩ ኣብ ገዛ ኣብ ዚጸንሓሉ ወቕቲ ዚርእዩ መምርሒታት:-**

- *ቈልዓ ረስኒ እንተሎዎ።* ቅድሚ ናብ መዋእለ-ህጻናት ምምላሱ እንተ ወሓደ ን24 ሰዓታት ረስኒ ዘይብሉ (ብዘይ መድሃኒት ረስኒ) ኪኸውን ኣለዎ።

- *ቈልዓ ድኻም እንተሎዎ።* ቈልዓ ድኻም ስለ ዘሎዎ ኣብ ልሙዳት ንጥፈታት መዋእለ-ህጻናት ኪሳተፍ ሸውሃት ዘይብሉ እንተ ኮይኑ: ንኣብነት ብምኽንያት ሰዓል ኪድቅስ እንተ ዘይከኣለ: ወለዲ ኣብ ገዛ ምስኡ ይትረፉ።

- *ውጽኣት ወይ ተምላስ እንተ ጌሩሉ።* ቈልዓ ክሳብ ተምላስ ዚገድፎ ወይ ቀጢን ቀልቀል ምውጻእ ኣቋሪጹ ብንቡር ኪበልዕ ምስ ጀመረ 48 ሰዓታት ክሳዕ ዚገብር ወለዲ ምስ ውላዶም ኣብ ገዛ ይትረፉ።

- *ካልእ ተላባዒ ሕማም እንተሎዎ*: ንኣብነት ከም ኢምፐቲጎ (svinkoppor)። ክሳዕ ቊስሊ ዚነቅጽ ኣብ ገዛ ኮፍ ይበሉ።

- *መድሃኒት ጸረ-ተህዋስያን (ኣንቲብዮቲካ) ዚወስድ እንተ ኾይኑ።* ናይ'ቲ ቈልዓ ሓፈሻዊ ኩነት: ረስኒ ክሳዕ ዚመሓየሽን ሕክምና ፀረ-ተህዋስያን እንተ ወሓደ ንኽልተ መዓልቲ ክሳብ ዚቕጽልን ኣብ ገዛ ምጽናሕ የድሊ። መድሃኒት ኣንቲብዮቲካን ካልእ ጊዜያዊ መድሃኒትን ብወለዲ'ዩ ዚወሃብ።

ቈልዑ ጥዕና ኪህልዎም እቲ ወሳኒ ብንቡር ኣገባብ ምምጋብን ኣብ ስሩዕ ጊዜ ምድቃስን'ዩ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ እንተ ተኻኢሉ ኣብ ግዳም ኣዘናጋዕን ንጥዕና ጠቓምን'ዩ። ቈልዑ ንቤት ትምህርቶም ዚማልእዎ ድርዕቶ: መጻወቲ መሳሊ ዚሕጸብ ኪኸውን ኣለዎ።

ጽሬት ኢድ: ክትስዕል/ህንጥሸው ክትብል ከለኻ ኣፍካ ብኢድካ ናይ ምኽዳን ልምዲ ገለ ካብቶም ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዚትግበሩ ምኽርታት'ዮም። ሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናት: ብዛዕባ'ቶም ኣብ ማእከል ህጻናት ዚኽሰቱ ሕማማት ረኽሲ ምሉእ ስእሊ ስለ ዘሎዎም እቶም ልማዳት ቊሩብ ትርር ኪብሉ ውሳነ ኪወስዱ ይኽእሉ'ዮም።

**ንተወሳኺ ሓበሬታ**

- ንኣብነት ቈልዓ ቃንዛ ጎሮሮ ወይ ቃንዛ እዝኒ እንተሎዎ እንታይ ከም ዚግበር ኣብ www.1177.se ርኣዩ።
- ብቦርድ ጥዕና ሸወደን ዝተዳለወት መጽሓፍ (*Smitta i förskolan*) ኣብ:- www.folkhalsomyndigheten.se ርኣዩ።

ሓበሬታ ተቐቢለ'ለኹ: ዕለት: ......................... ክታም:.....................................................................